ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الانقاذ الوطني الارترية
مكتب الاعلام والثقافة

Eritrean National Salvation Front
Information and Caltural office

# ምዑታት ኣባላት ዉሽጣዊ ስርዒት ግሃድኤ
# ብምትሕብባር ምስ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ዝኾኑ ሓርበኛታት፣
# ኣብ ከተማ ኣስመራ ጸዊዒት ዘርጊሖም።

ህዝብና ቡሩራዊ ኢዮብል ናጽነቱ ኣብ ዘብዕለሉ ዘሎ እዋንን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝሓለፉ 25 ዓመታት፣ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ጨካኒ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ፣ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕለፎ ሕሱም ናብራን ዝወረዶ መከራን ኣብ ግምት ብምውሳድ፣ ምዑታት ኣባላት ዉሽጣዊ ስርዒት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብምትሕብባር ምስ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ዝኾኑ ሓርበኛታት፣ ነቲ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዝላዓለ ጥርዚ በጺሑ ዘሎ ጸጥታዊ ምክትታል ጥሒሶም፣ ወጋሕታ ሮቡዕ ዕለት 18/05/2016 ኣብ ኣገዳሲ ጐደናታት ከተማ ኣስመራ ናብ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ዘቕነዐ ጸዊዒት ዘርጊሖም።

ህያው ጅግንነታዊ ታሪኽ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ሰራዊትን ከምኡ'ውን ሰራዊት ህዝባዊ ሓይልታትን ብምዝካር ሎሚ እዉን ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ጐድኒ ዉጹዕ ህዝቦም ደዉ ብምባል፣ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ስሩ ኣሊኻ ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈኖ ስርዓት ንምትካል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ተርኣም ክጻወቱ፣ እቲ ዝተዘርገሐ ጹሑፍ ጸዊዑ።

ብተወሳኺ ጻውዒት ምምሕዳር ውሽጢ ሃገር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ንቡዙሓት ኤርትራውያን ብፍላይ ድማ ኣገደስቲ ባእታታ ኣብ ኢዶም ከበጽሖም ከም ዝተገብረ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

እቲ ዝተዘርገሐ ጽሑፍ ንበይኑ ከም ዘለዎ ነቕርበልኩም።

*“ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ” !!!*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*20/05/2016*